**ፍልልያትካ ብቕዳምነት ኣብ ውሽጥኻ ንምምሕዳሩ ጽጸዕርታት ምግባር ደኣምበር**
**ብጥሪኡ ናብ መራኸቢ ብዙሓን ምምሕልላፍ'ሲ ሓላፍነታዊ ኣይኮነን።**

*ክብርን መኅስን ይብጸሓዮም ነዞም ፍልጠቶም፡ ጉልበቶምን ግዜኦምን ከይቆጠቡ፡ ነዚ ምዕቡል መራኸቢታት ዝፈጠሩ ተመራመርቲ፡ ዘለናዮ መድረኽ መድረኽ መራኸቢታት'ዩ እንተበልኩ ካብb ሓቂ ዝረሓቐኩ ኣይመስለንን። ኣብ ዝርዝሩ ከይኣተኹ ብጥቕልሉ ኣብ መራኸቢታት ዝምደብ ብዙሕ ዝዓይነቱ'ዩ። ኣገልግሎቱ ድማ ብተመሳሳሊ ብዙሕ'ዩ። ሎሚ ብሓደ መዳይ ኮምፒተር ኣብ ቅድሜኻ ጌርካ ብዘይድኻም መላጉም ናይ ፊደላት እናጠወቕካ፡ በቲ ካልእ መዳይ ከኣ ቴለቪዥንን ወሊዕካ ብሓደ ግዜ ኣብ ውሽጢ ደቓይቕ ዘይኮነ ኣብ ውሽጢ ካልኢታት፡ ካብ ዘለኻዮ ናይ ዓሰርተታት ኣሽሓት ማይላት ርሕቀት ኣብ ዘለዎ ቦታታት ዝተፈጸመ ሕማቕን ጽቡቕን ምዕባሌታት ንምክትታል ተኻኢሉ ኣሎ። ኣብ ሓደ ቦታ ኮፍ ኢልካ ብዙሕ ገንዘብ ከይውጻእካ ዓለም እንታይ ትመስል፡ ናበይ ተመርሕ ኣላ ጭቡጥ ሓበሬታ ምርካብ፣ ኣብ ካልእ ሃገር ምስ ዘሎ ቤተሰብካ፣ ፈታዊኻ፣ ናይ ንግዲ መሻርኽትኻ፣ መማህርትኻ፣ መተዓቢትኻ፣ ናይ ቃልሲ ብጻይካ፣ ብስልኪ፣ብፈስቡክ፣ ብኢንተርኔትን ካልእን ተራኺብካ ምዝርራብ፡ መልእኽቲ ከተመሓላልፍን ክትቕበልን ምኽኣል ብሓቂ ተመስገን ዘብል'ዩ።*

*መራኸቢታት እዚ ዝተጠቕሰ ጥራሕ ዘይኮነ መሳለጥያ ናይ ትምህርቲ፣ ሕክምና፣ ቁጠባ፣ ንግዲ፣ ዲፕሎማሲ፣ ማሕበራዊ ..ወዘተ ዓውድታት'ውን ብምኻኑ ኣበርክቶኡ ቀሊል ኣይኮነን። እንተኾነ ዘመናዊ መራኸቢታት ልክዕ ከም'ቲ ካልእ ዓውድታት፡ ንምንታይን ከመይን ትጥቀመሉ እንተዘይ ፈሊጥካን ብሓላፍነት እንተዘይ ሒዝካዮን ብኣንጻር እቲ ኣወንታዊ ኣበርክቶኡ፡ ኣሉታዊ መልእኽቲ ዘሕልፍ ምኻኑ ምግንዛብ ኣገዳሲ'ዩ። ንኣብነት ዘመናዊ መራኸቢታት ምስ ዝጸንሐ ስሩት ኣወንታዊ ባህሊ ናይ ህዝብታትን ሃይማኖታዊ እምነታት እናዛመድካ ክረአ እንከሎ፡ ካብ ዝሃንጾ ዘፍርሶ፡ ካብ ዘቀራርቦ ዘረሓሕቖ ይሰፍሕ ኢሎም ዝኹንንዎ ብዙሓት'ዮም። እቲ ዘመናዊ መራኸቢታት ከም ናይ ሓበሬታ መራኸቢ ማሽን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ናይ'ቲ ንሱ ዝተፈጥረሉ ባህልን ሃይማኖትን ሒዙ ስለ ዝመጽእ፡ ነቲ ሒዝዎ ዝመጽአ ኣብ ልዕሊ ናይ ካልኦት ጸቕቲ ይገብርን ግጭት ይፈጥር ኣሎን በሃልቲዮም እቶም ነቐፍቲ።*

*ሎሚ ምስ'ዚ ዘመናዊ መራኸቢታት ብዝተዛመደ ናብ ኩሎም ኤርትራውያን ብሓፈሻ፡ ፖለቲካዊ ውድባት፡ ስቪክ ማሕበራትን መሻርኽቲ ኣካላትን ከኣ ብፍላይ ከመሓላልፎ ናብ ዝተበገስኩሉ ዛዕባ ክኣቱ። ብሰንኪ ህግደፍ ዘምጽኦን ዘሳውሮ ዘሎን ናይ ጥፍኣት መንገዲ ኣብ ኣዝዩ ተኣፋፊ ኩነታት ከም እንርከብ ንዓና ንኤርትራውያን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ንደላዩ ሰላም ማሕበረ-ሰብ ዓለም'ውን ደሚቑ ዝረኣዮ ሓቂ ኮይኑ ኣሎ። ነቲ ጠንቂ ኣሊና ካብ'ዚ ከቢድ ስግኣት ፈጢሩ ዘሎ ተኣፋፊ ኩነታት ወጺእና፡ ከም ዜጋታትን ህዝብታትን ወነንቲ ነብስናን ልኡላዊ ስልጣናን ክንከውን'ሞ ውሑስ ንቡር ህይወት ክነብር፡ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ኣረኣእያን፣ መልክዕ ውደባን ሒዝና ኣብ ቃልሲ ንርከብ ኣለና። ከም ኩሉ ህይወት ዘለዎን ኣብ ስራሕ ዝነጥፍን ድማ ኣብ ውሽጥና መንቀሊኡ መሰረታዊ ድዩ ዘይመሰረታዊ ብዘየገድስ ፍልልያት ይረአ። ፍልልያት ምምዝጋብ ኣወንታዊ ደኣምበር ኣሎታዊ ጎኒ የብሉን። ኣሉታዊ ጎኒ ገይርካ ክውሰድ ዘለዎ ፍልልያት ምስተፈጥረ ኣብ ምፍትሑ ወይ ምምሕዳሩ ንጥቀመሉ ኣገባብ'ዩ።*

*ብፍላይ ፖለቲካዊ ውድባት ከም ብሓባር ተቓሊሶም ከዕውትዎ ተሰማሚዖም ዘጽደቕዎ ፖለቲካዊ መደብ-ዕዮን መቆጻጸሪ ውሽጣዊ ዓንዲ ሕግን ዘለዎም ዝተወደቡ ወይ ዝተጠርነፉ ትካላት መጠን፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ውድብ ይኹን ሓደ ውድብ ምስ'ቲ ካልእ ብስነ-ሓሳባዊ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ኮነ፡ ብኣሰራርሓ ምስ ዘይጠዓዓሙ፡ ብቕዳምነት ብሓላፍነታዊ ስምዒት፡ ኣብ ውሽጦም ነጻን ደሞክራስያውን መድረኽ ከፊቶም፡ ኣኹል ግዜ ሂቦም፡ ካብ ነሓፍነትን ድሑር ናይ ወገነይ ወገንካን ምጥቕቓዕን ብዝደሓነ፡ ናይ ሓባር ዕላማ ምድሓንን ኣሰራርሓ ምጽፋፍን ማእከሉ ዝገበረ፡ ኩነታት ክንዲ ዝፈቐዶ ምሉእ ኣባል ውድብ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ኣሳቲፎም፡ ኣብ'ቲ ፍልልይ ዝፈጠረ ዛዕባ ነጥቢ ብነጥቢ ተኻቲዖም፡ መን ተሓታቲ ኣነጺሮም ናብ ውሁድ ባህሪያዊ ቦታኦም ዝምለስሉ ኩነት ክፈጥሩ ይግባእ። ኩሉ ጌሮም ናብ ባህሪያዊ ቦታኦም ክምለሱ ኣብ ዘይክእልሉ፡ ፍትሕ ናይ ግድን ኣብ ዝኾነሉ ድማ፡ ከም'ቲ ገለ ለባማት መጻምዲ ወይ ሰብ ሓዳር፡ ተፋቲሖም ክንሶም ከም ሰብኣይን ሰበይትን ዘይኮነ፡ ከም ብሓባር ዝጸንሑ ኣሕዋት ተኸባቢሮም ኣብ ሓደ ገዛ ዝነብሩ፡ እቲ ምፍልላይ ኣብ ክንዲ ፈታውን ጸላእን ረኣየልና ስምዐልና ብዘስምዕ፡ እከለ ከም'ዚ ኣበሩ ተግባሩ እናበልካ ብዘመናዊ*

መራኸቢታት ኣንቺ መንቺ ምብህሃል፡ ደቂ-ሓንቲ ሃገር ምኻኖም፡ ብግንባራት ደረጃ ክራኸቡ ምኻኖም፡ ማሕበራዊ ዝምድናታቶም ክቆራረጽ ከም ዘይብሉ ኣብ ጸብጻብ ብምእታው፡ ብብስለትን ብሓላፍነታዊ ኣጠማምታን ብሰላም ተፋቲሖም ጎና ጎኒ ክኸዱ ዘኽእሎም ለባም ስጉምቲ ክወስዱ ኣለዎም ዝብል ተረድኦ ኣለኒ።

ከም'ዚ ክብል እንከለኹ፡ ሓደ ተልእኾ መራኸቢ ብዙሓን ካብ ሰማዕተን ወይ ምንጭታተን ዝረኽባኦ ውዑይ ዜናዊ ሓበሬታ፡ ርእይቶ፣ ታሪኻውን ትምርታውን ሓዘል ቁም-ነገራት ብምቅላሕ ሰባት ምስ ኩነታት ክስዕቡ ፍልጠቶም ከስፍሑ ናይ ምግባር ደኣምበር፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወድብ ወይ ግንባር ዝተፈጥረ ናይ ኣረኣእያ ድዩ ኣሰራርሓ ፍልልይ ዝመንቀሊኡ ምስሕሓብ ናይ ምድናይ ሓላፍነት የብለንን። ብካልኣይ፡ ህዝብታት ኤርትራ ዜና ስምምዕ፡ ሓድነት፡ ዓወት ደኣምበር ዜና ፍልልይን ምጥቕቓዕን ምስማዕ ሰልቺይዎም'ዩ። ስለዚ ከም ፖለቲካዊ ውድባት ውሽጣዊ ጸገማት ኣብ ውሽጢ ደኣ ከመሓድር ኣለዎ 'ምበር፡ በብዝጥዕመካ እናሓንጠጥካ ናብ መርበብ ሓበሬታ ምልጣፍ'ሲ ንህዝቢ ተስፋ ዘቑርጽን ናይ ቃልሲ ኒያቱ ዝቐትል ስለዝኾነ እንተዘይተመርጸ ዝብል ለበዋይ ብትሕትና ከመሓላልፍ እደሊ።

ኣሕመድ ኢብራሂም

ካብ መጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ ወግዓዊት ልሳን ደ.ግ.ሓ.ኤ. ቁ 15 ጥሪ 2017 ዝተወደ
ድምጺ ሰላምን ደሞክርራስን ኤርትራ 15-02-2017